# ፕረዚደንት ኢሳያስ ንሓለፍቲ ህግደፍ መሰረታዊ ብድሆና ልኡላውነት ሃገርና ንሕጂን ንመጻኢን ምውሓስዩ

--------0-------

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ትማሊ 5 ሰነ 2001 ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ኣብ እምባትካላ ክካየድ ዝቐነየ ናይ ሓለፍቲ ህግደፍ ዘተ ኣብ ዘስምዖ ቃል፣ “ሓላፍነትና ኣብ ዕለታዊ ፍጻመታት ምድሃብ ዘይኮነስ፣ ንብድሆታት ሃገርና ምስ ታሪኻዊ ኣመጻጽኦምን ኣንፈታት መጻኢኦምን ብምዝማድ ምግጣሞም እዩ” ኢሉ።

ናይዚ ግዜዚ መሰረታዊ ብድሆና ልእላውነት ሃገርና ንሕጂን ንመጻኢን ምውሓስ ምዃኑ ብምግላጽ ድማ፣ ኩሉ ካልእ መደባትና ምስዚ ወሳኒ ዕላማ ኣብ ዘሳኒ መገዲ ከምዝዕመም ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣስዒቡ፣ “ዕላማና ንምዕዋት ብዝለዓለ ደረጃ ዝስራዕ ዕማም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ መኸተ ሓይሉ፣ ጽንዓቱ፣ ፍናኑ፣ ኣበርክቶኡ ምሕያል እዩ” ኢሉ።

ትኩርነትና ከየዝለቕና፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ህዝብና ንምቅላልን መነባብሮኡ ንምምሕያሽን ሰፋሕቲ መደባት ተታሒዞም ከምዘለዉ ድማ ገሊጹ። እቲ ህዝባዊ ተሳትፎ ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ንምብጻሕ፣ ብረፈረንደምን ቅዋምን ጀሚርና ናብ ደሞክራሲያዊ ሃገራዊ ምርጫ ንምኻድ ዝተተሓሓዝናዮ ቃልሲ ከይተዓናቐፈ መስመሩ ሒዙ ከምዝኸይድውን ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ ህግደፍ ተፈጢሩ ንዘሎ ኩነታት ኣመልኪቱ። “ኣብ ውሽጢቲ ሃገር ንምህናጽ ከቢድ መስዋእቲ ከፊልና ዝኸድናዮ ነዊሕ ጉዕዞ ኣቲና ክንሪኦ ከለና፣ እዚ ናይ ሕጂ ፖለቲካዊ ሒቕታ ኢዩ” ድሕሪ ምባል፣ ሓላፍነትና ድማ፣ ሃገር ናይ ምህናጽ መሰርሕ ብርጋኣት ብዓቕሊ፣ብዘይምስልካይን ብተወፋይነትን ምቕጻል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ንኩነታት ኢትዮጵያ ኣመልኪቱ ፕረዚደንት ኢሳያስ፣ ፍሽለት ፖሊሲታትን ኩናት ምስ ኤርትራ ብዘንተጐ ዓሚቑ ቅልውላው፣“ ናይ ወያነ ናይ 10 ዓመት ናይ ዕብለላ ታሪኽ ኣብ ምብቅዑ” እኳ እንተኾነ፣ ናይ ኩናት ሓደጋ ገና መሊኡ ከምዘይተወገደ ኣብሪሁ። ክልቲኦም ናይ ወያነ ክንፊ፣ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ክበጽሑ ከለዉ ከምዘይፈላለዩን፣ ንኤርትራ ከም ቀንዲ ስግኣት ንህላዊኦም ከምዝጥምትዋን ከኣ ኣገንዚቡ። “እቲ ስልጣን ተቛጻጺሩ ኣሎኹ ፣ደላይ ሰላም ድማ ኢየ ዝብል ዘሎ መለስ፣ ብሓቂ ደላይ ሰላም እንተዝኸውን ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፣ ዝዕንቅፈሉ ምኽንያት ኣይምነበረን” ድማ ኢሉ።

ኣብቲ ኣብ እምባትካላ ክካየድ ዝቐነየ ዕውት ዘተ ዝተሳተፉ ካብ ኩሉ ዞባታት ዝመጹ ሓላፍቲ ህግደፍ፣ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ሃገርን ግንባርን መንግስትን ንዘለዉ ብድሆታት ኣልዒሎም ኣዕሚቖም ተመያይጦም። ብዙሕ ርእይቶታትን ሓሳባትን ድማ ኣቕሪቦም። ኣብ መሰረታዊ መትካለትን ክብርታትን ህግደፍን ኣብ ቅኑዕነት ፖሊሲታቱን ዘለዎም እምነት ደጊሚም ብምርግጋጽ ከኣ ንምዕዋቱ ቃልሶም ከሐይሉ መብጽዖኦም ኣሐዲሶም።

*****ኢ.ዜ.ኤ******